ናይ ሓቅታት ወረቐት | ጉንበት 2023

# ፕሮጀክት ውሑስነት ጎደና Martin Luther King J

## መግለጺ ፕሮጀክት

እዚ ትልሚ እዚ ነቶም ብእግሮም ዝጎዓዙ፡ ብሽክለታ ዝጥቀሙ፣ ወይ መኪና ዝገንሑ፣ ሰባት ውሑሳት ክኾኑ ዝገብር እዩ። ካብ'ዚ ብተወሳኺ ኣብ መንጎ ክልተ ጣብያታት ባቡር ዝህሉ ጉዕዞ ቀሊል ክኾን ዝገብር እዩ፥ ማዉንት ቤከርን (Mount Baker) እቲ ኣብ መጻኢ ዝህሉ ጣብያ ጃድኪንስ ፓርክን (Judkins Park)። ሓንሳብ እቲ ሰራሕ ምስ ተዛዘመ ከኾኑ ዝኽእሉ ገለ ነገራት ከም'ዚ ዝሰዕብ ቀሪቦም ኣለዉ፥

- እቲ ናይ ብሽክለታ ጎደና ንኹሉ ዝጎዓዘሉ ሰብ ውሑስን ምቹዊን ክኸውን እዩ።
- እዚ ትልሚ እዚ ሰባት ውሑሳት ኮይኖም ክንቀሳቐሱ ንምኽኣል ዝተፈላለዩ መንገዲታትን ጎደናታትን ከራኽብ እዩ።
- ኣብ ኩሉ ናይ ዕድመ ክልልን ደረጃ ክእለትን ዝርከቡ ሰባት ነቲ ናይ ብሽክለታ መንገዲ ተጠቒሞም ናብ'ዞም ዝሰዕቡ ቦታታት ክጎዓዙ ይኽእሉ እዮም፥
- መስመር መጎዓዚያ ብሽክለታ I-90
- ጣብያ ማዉንት ቤከርን እቲ ኣብ መጻኢ ዝህሉ ጣብያ ጃድኪንስ ፓርክን (ክሳብ ሰፕሪንግ/ጽድያት 2025 ኣብ ዘሎ ክኽፈት ትጽቢት ይግበር)
- ግሪን ወይ (Greenway) ከባቢታት ኖርዝ ረይኔር ቫለይ

## ባእታታት ፕሮጀክት

- MLK Jr Way S ኣብ ክልቲኡ ገጻት እዚ ጎደና ካብ ካልኦት ተሸከርከርቲ ዝተሓለወ ናይ ብሽክለታ መስመር ክህልዋ እዩ።
- እቲ ጎዳና ኩሉ ዝጥቀመሉ ሰብ ውሑስ ክኸውን ብዘኽእል መልክዑ እቲ ዝነበሮ ንድፊ ክመሓየሽ ክግበር እዩ።
- እቶም ኣብ'ቶም ናይ መኪና ጠጠው መበሊ ቦታታት ዝካየዱ ለውጢታት ነቶም ኣብ'ቲ ከባቢ ዝርከቡ ንግዳዊ ትካላት ከይጎዳእካ ኣብ'ቶም ናይ ብሽክለታ መስመራት ዝያዳ ቦታ ንምፍጣር ዝሕግዙ እዮም።
- እቶም ናይ ጎደና ምልክታት ትራፊክ ነገራት ዝያዳ ውሑስ ንምግባር ብዘኽእል መልክዑ ክመሓየሹ እዮም።
- ኣጋራት እውን ዝያዳ ውሑሳት ክኾኑ እዮም! መንገዲታት ኣጋር ዝያዳ ሰፋሕቲን ብዙሕ መሰጋገሪታት ክህልዎም ክግበሩ እዮም።

ሓድሽ መስመር ብሽክለታን ውሑስ ዝኾነ ጎደናን ክንፈጥር ኢና!

## ረብሓታት

ፕሮጀክት ውሑስነት ጎደና ማርቲን ሉተር (MLK Way) ነቲ ማሕበረሰብ ብኽልተ ኣገደስቲ መንገዲታት ረብሓ ክህብ እዩ፥

1. ሰባት ምስ ትራንዚትን ኣብያተ ትምህርቲን ክራኸቡ ምግባር፥
   - እዚ ፕሮጀክት እዚ ነቲ ናብ ጣብያታት ቀሊል ባቡር፡ መንገዲ I-90፡ ቤት ትምህርቲ ካልኣይ ብርኪ ፍራንክሊን፡ ከምኡ'ውን ናብ ማእከል ትራንዚት ሜትሮ ማዉንት ቤከር፡ ዝግበሩ ጉዕዞታት ቀለልቲ ክኾኑ ዝገብር እዩ።
   - መንገዲ I-90 ንሳውዝኢስት ሲያትል ምስ ዳውንታውንን ምስ ካልኦት ኣብ'ቲ አከባቢ ዝርከቡ ቦታታትን ዘራኽብ ብምዃኑ ኣገዳሲ እዩ።

2. Making MLK Jr Way S ንኹሉ ሰብ ዝያዳ ውሑስ ክኸውን ምግባር፥
   - ኣብ'ዚ ሐዚ እዋን፡ ኣብ'ዞም ክፋላት እዚ ጎደና ብዙሓት ናይ ተሸከርከርቲ ግጭታት የጋጥሙ እዮም። ሰባት ኣዝዮም ብናህሪ ዝገንሑ ብምዃኖም፡ ፊት ንፊት ግጭታትን፡ ካብ'ቲ ጎደና ወጻኢ ዝገብሩ ሓደጋታት እዉን ኣለዉ።
   - እቲ ፕሮጀክት ነቶም ኣብ MLK Jr Way S ብእግሮም ንዝጎዓዙ፡ ብሽክለታ ዝዝውሩ፡ ሮል ዝገብሩ፡ ብተሸከርከርቲ ዝጎዓዙ ሰባት ዝያዳ ውሑስ ክኾን ዝገብር እዩ።
   - ነቲ ንድፊ ጎደና ብምቕያር፡ ሰባት ካልኦት ሰባት እንታይ ከምዝገብሩ ንክግምቱ ቀሊል ዝገብርን ኣብ ልዕሊኡ ዝግበር ጉዕዞ ንኹሉ ምቹዊ ክኸውን ዝገብርን እዩ።

## ሰሌዳ ግዜ

**ጉንበት 2020:** ነቲ ተመራጺ ዝኾነ ኣማራጺ ምሕራይ
**መጀመሪያታት 2021:** 30% ንድፊ
**ጽድያ/ሰፕሪንግ 2021:** 60% ንድፊ
**ጽድያ/ሰፕሪንግ 2023:** ናይ መወዳእታ ንድፊ
**ፎል 2023:** ምጅማር ህንጻት

ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብን እቲ ፕሮጀክት ከመይ ከም ዝኸይድ ዘሎ ብዝምልከት ሓድሽ ሓበሬታ ንምርካብን ናብ መርበብ ሓበሬታ ናይ'ቲ ፕሮጀክት ኪድ።

## ምወላ

እዚ ፕሮጀክት እዚ ብ Vision Zero program (ፕሮግራም ቪዥን ዜሮ)፣ Bicycle Master Plan (ማስተር ፕላን ብሽክለታ)፣ Accessible Mount Baker Project (ፕሮጀክት ተበፃሒ ማውንት ባከር)፣ Connecting Washington Grant (ኮኔክቲንግ ዋሽንግተን ግራንት)፣ ከምኡ እውን ብ 9-year Levy ዝምወል እዩ። ብዛዕባ ሌቪ (levy) ዝያዳ ሓበሬታ ኣብwww.seattle.gov/LevytoMoveSeattle ርኸብ።

www.seattle.gov/transportation/MLKSafety

**ሓበሬታ ፕሮጀክትን ርክባትን**
Ching Chan, Public Engagement Lead (ኣመራርሓ ህዝባዊ ተሳትፎ)
ቴሌፎን: (206) 900-8728
ኢሜይል: MLKWay@seattle.gov

Seattle Department of Transportation
The Levy to MOVE SEATTLE

እዚ ካርታ እዚ MLK Jr Way S ንብሽክለታታት ዝሓሸን ንኹሉ ሰብ ድማ ውሑስን ንኽኸውን ንምግባር ኣብ ልዕሌኡ ክንገብሮ እንደልዮ ለውጢ ዘርኢ እዩ።

